**ሕቶታት ብዛዕባ ትኽፈለሉ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19)**

1. **እንተድኣ ህዝባዊ በዓል መዚ ምስ ኮቪድ-19 ብዝተኣሳሰር ንዝሰርሕሉ ትካል ዓጽይዎ ሰራሕተኛታት ዝኽፈልሉ ናይ ስራዕ ዕረፍቲ ክጥቀሙ ይኽእሉ ድዮም፧ እቲ ኣስራሒ ገና ይሰርሕ እንተልዩ፡ ግን ብሰንኪ እቶም ናይ ኣመሓዳሪ ዞባ ትእዛዛት ቀይድታት እንተልይዎ'ኸ፧**
   እንተድኣ ገና ኣብ ስራሕ ኣለዉ ኾይኖም፡ ሰራሕተኛታት ውህሉል ዝኸፍልሉ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክወስዱ ይኽእሉ። እንተድኣ ኣስራሒ ንሰራሕተኝኡ ካብ ስራሕ ኣውጺእዎ፡ እቲ ሰራሕተኛ ናይ ስራሕ-ኣልቦነት ሓገዛት ንምርካብ ከመልክት ይኽእል።
2. **ሰራሕተኛታት ገና ኣብ ስራሕ ምህላዎም ብኸመይ ይፈልጡ፧**
   ኣስራሕቲ ንሓደ ሰራሕተኛ ካብ ስራሕ የውጽእዎ እንተልዮም ከፍልጥዎ ኣለዎም። ሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ እንተተሰናቢቶም ወይ ዝሰርሕሎም ሰዓታት እንተድኣ ነኪዮም ናይ ስራሕ-ኣልቦነት ሓገዛት ንምርካብ ፋይል ከቕርቡ ይኽእሉ።
3. **እንተድኣ ቤት-ትምህርቲ ወይ ቦታ ክንክን ናይ ሰራሕተኛ ቆልዓ ብምኽንያት ጥዕና ዓጽዩ፡ እቲ ሰራሕተኛ ንቆልዕኡ ንምእላይ ዝኽፈሎ ውህሉል ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክጥቀም ይኽእል'ዶ፧**
   እወ
4. **እንተድኣ ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ቦታ ስራሕ ወይ ናይ ቆልዓ ቤት-ትምህርቲ ወይ ናይ ክንክን ቦታ ተዓጽዩ፡ እቲ ኣስራሒ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ጠለብ ክነጽግን ኣብ ክንድኡ እቶም ሰራሕተኛታት ካብ ገዛ ክሰርሑ ክጠልብን ይኽእል ድዩ፧**
   ኣይፋል።
5. **እንተድኣ ሓደ ኣስራሒ ንሓደጋ ተቓልዖ ናብ ኮቪድ-19 ንምንካይ ንቦታ ትካሉ ንግዚኡ ክዓጹ መሪጹ፡ ሰራሕተኛ ነቲ ብኩራት ንምሽፋን ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክትቀም ይኽእል ድዩ፧**
   እንተድኣ እቲ ትካል ከም ግብረመልሲ ንኮቪድ-19 ባዕሉ ንኽዓጹ እንተወሲኑ ኣስራሒ ንሰራሕተኛታት ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ከፍቅድ ኣይግደድን እዩ። ይኹን እምበር፡ ኣስራሒ ኣብዚ ኩነት'ዚ ተጠቃምነት ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ከፍቅድ ይኽእል።
6. **ኣስራሕቲ ብምኽንያት ተኽእሎ ምቅላዕ ናብ ኮቪድ-19 ንሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ ንኽርሕቁ ክሓትት ይኽእል ድዩ፧**
   ኣስራሒ ሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ ክርሕቁ ክሓትት ይኽእል/ ይኹን እምበር፡ ኣስራሕቲ **ነዚ ብኩራት'ዚ ንምሽፋን** ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ንክወስዱ ንሰርሕተኛታት ከገድድዎም ኣይክእሉን።
7. **ሓደ ብምኽንያት ናብ ኮቪድ-19 ተቓሊዑ ይኽእል'ዩ ዝብል ካብ ስራሕ ክርሕቕ ዝድለ ሰራሕተኛ ውህሉል ዝኽፈለሉ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክጥቀም ይኽእል ድዩ፧**
   ሰራሕተኛ ውህሉን ዝኽፈለሉ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክትቀም ይኽእል። ይኹን እምበር፡ እቲ ኣስራሒ ነቲ ሰራሕተኛ ንውህሉል ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ነቲ ብኩራት ንምሽፋን ክጥቀም ከገድዶ ወይ ክሓቶ ኣይክእልን።
8. **ሓደ ሰራሕተኛ እንተድኣ ሕማም ተሰሚዕዎ ወይ ምስ ኮቪድ-19 ዝተኣሳሰሩ ምልክታት ሕማም እንተተሰሚዕዎ ውህሉል ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክጥቀም ይኽእል ድዩ፧**
   ሰራሕተኛታት ንዝኾኑ ኣካላዊ ሕማማት፡ መጕዳእትታት፡ ወይ ካልእ ጥዕናዊ ጸገማት ውህሉል ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክጥቀሙ ይኽእሉ። ከምኡ'ውን ኣካላዊ ሕማማት፡ መጕዳእትታት፡ ወይ ካልእ ጥዕናዊ ጸገማት ንዘለዎም ኣባላት ስድራቤት ንምእላይ ውህሉል ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክጥቀሙ ይኽእሉ።

9. **እንተድኣ ዶክተር ብምኽንያት ተኽእሎ ምቅላዕ ናይ ኮቪድ-19 ወይ ምልክታት ሕማም ምህላዎም መኺሩ ሰራሕተኛ ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክጥቀም ይኽእል ድዩ፧**
   እወ
10. **እንተድኣ ንሕማም ኮቪድ-19 ወይ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ምልክታት ሕማም ሕክምናዊ መርመራ፡ ክንክን፡ ሕክምና፡ ወይ ገታኢ ሕክምናዊ ክንክን ይደሊ ኣሎ ኾይኑ እቲ ሰራሕተኛ ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክጥቀም ይኽእል ድዩ፧**
    እወ
11. **እንተድኣ ኣስራሒ ከም ኣካል ፕሮግራም ዝኽፈል ናይ ዕረፍቲ ግዜ (PTO) ዝክፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ይህብ ኣሎ ኾይኑ፡ እቲ ሰራሕተኛ ናይ PTO ዕረፍቲ ምስ ኮኢድ-19 ብምትእስሳር ክጥቀም ይኽእል ድዩ፧**
    እወ
12. **ኣስራሕቲ ከመይ ገይሮም ንሰራሕተኛታቶም ተወሳኺ ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክህብዎም ወይ ካብ ኮቪድ-19 ስዒቡ ክኸውን ንዝኽእል ምጥፋእ ደሞዝ ክሽፍኑ ይኽእሉ፧**
    - ኣስራሕቲ ካብ ናይ ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ሕግታት ዝጥለብ ዝያዳ ለጋስ ዝኾነ ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክህቡ ይኽእሉ።
    - ኣስራሕቲ ንሰራሕተኛታት ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ንተወሰኸቲ ዕላማታት ክንዮ እቲ ዝተሓተ ፍቑድ ዕላማታት ከፍቅድሎም ይኽእሉ።
    - ኣስራሕቲ ነቶም ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ምስ ኮቪድ-19 ብምትእስሳር ዝትቀሙ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ንግዚኡ ነቶም ናይ መረጋገጺ ጠለባት ክሓድግሎም ይኽእሉ።
    - ኣስራሕቲ ንዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ኣቕዲምካ ንምድራዕ ዘኽእሉ ሓደስቲ ፖሊሲታትን ከማዕብሉን ከተግብሩን ይኽእሉ።
    - ኣስራሕቲ ንሰራተኛታት ኣቐዲሞም ዝውሃቡ ደሞዛት ክህብዎም ይኽእሉ፡ እቶም ውዕላት ናይ ዳግመ-ምኽፋል ምስ ህሉው ናይ ተቖራጺ ሕግታት ዝሰማምዑ ክሳብ ዝኾኑ።
    - ኣስራሕቲ ሓባራዊ ናይ ዕረፍቲ ፖሊሲታት ከቑሙ ይኽእሉ። ናይ ዕረፍቲ ተረፋት ዘለውዎም ሰራሕተኛታት ዕረፍቲ ንመሳርሕቶም ክልግሱ'ውን ከፍቅዱ ይኽእሉ።